# ”...ኣደየ ደሃዮም ግበሪ!”

ብ'ሓውኹም መሲናስ

12 August 2015

## "...ኣደየ ደሃዮም ግበሪ!"

"ቅጫ ዘይጸገቡ ዕምበባ ፍዮሪ
ከም ኣፍ ዕንቈ ምስ ጸበበቶም ምድሪ
ሃጽ ኢሎም ዝጠፍኡ ናብ ምድረበዳ ባሕሪ
ኣደየ ባዕልኺ ደሃዮም ግበሪ!" ኢለን ይጽልያ ኣለዋ ኣደታት ኤርትራ።

ዕምበባታት እወ ዘይበጽሑ ኣብ ፍረ
ህጻውንቲ ቈልዑ ብርኮም ዘይተረረ
ዘዕበዩ ወለዲ ከይኮኑዎም መብረ
*ደማሒ ካብ ቤቶም እናኣባረረ *መላኺ
ኤርትራዊት ስድራ ጌሩዋ ነበረ!




ሕሰም ተዘሪኣ እሾኽ መርገም ዓዱ
ዘዝተወለደ ናብ ስደት ከማዕዱ
ጥይት እናሰሓቶ ከም በርቂ ነጒዱ
ፈጺሙ ኣይተዓግተን ዕሸል ካብ መገዱ፡
ሑጻ እናቐበሮ'ወ ከም ረመጽ ኣንዲዱ
ማዕበል እናወሓጦ ናብ ራህዋ ከማዕዱ
ክንደይ *ኰተቴ'ሞ ዘይጠፍአ ተሰዲዱ! *ወርጠበ'ሞ

ኣትን ኣደታትና ብምረት እትደጒዓ
እታ ማርያም ደዓሪት ዝለመንክናኣ
ነቶም ዕሸላትክን ዘለዉ ኣብ *መዝርዓ *ካምፕ (ብዓረብ)
ትሕልዎም ኣላ ጸሎትክን ሰሚዓ!

ስለዚ፡ ቅሰና ኣደታት ኤርትራ
እታ ድንግል ማርያም እየሱስ ዝበኾራ
ደቅኽን ከተድሕን ካብ ሽግር መከራ
ሂባትክን ኣላ ሓልዮታ ምስ ፍቕራ!

ንብዓል ኤልሳ ጭሩም ምስ ሜሮን እስቲፋኖስ
ንብዓል ሰላም ኪዳነ ምስ ዶክተር ኣልጋነሽ፡
ነቶም ዕሽላትክን ዘለዉ ኣብ መከራ
ለይቲ ምስ መዓልቲ ደሃዮም ክገብራ
ልኢኻተን ኣላ ብኹሉ ኣዋፊራ
ጸሎትክን ዓሪጉ'ዩ ኣደታት ኤርትራ!

'ንህዝቡ ዝጓሲ መንግስቲ ካብ ተሳእነ
ይኣክል ምኹርማይ ብጓሂ ሓዚነ
ጥራየይ ከይተርፍ ወላድ መኻን ኮይነ
ካልእ እንተ ተረፈስ ንማርያም ለሚነ
ውሉደይ ክዕቅብ ካብ መከራ ኣድሒነ
ተበጊሰ ኣለኹ ብልበይ ሓሪነ!'

ይብላ ኣለዋ ኩለን ኣደታት ኤርትራ
ክሳዕ መዓስ ደኣ ኣብ ሓዘን ክነብራ
ካብ ቤተን ክጸርጋ ሓሳረ መከራ
ተንሲአን ኣለዋ ሓዲሉ ክገብራ!

ዓለም ይኹን ቀሺ ህዝቡ ካብ ዚጠልም
ሓቂ እንድዩ እዚ ግዜ ኣመና ኪሓስም!
ኣብ ክንዲ ንውጹዕ ብእምነት ዘጽልሉ
መስቀል ኣንጠልጢሎም 'ሰይጣን ይንበር!' ክብሉ
ኣብ ቅርዓት ጀነባ ኣቅሸሸቲ እናወዓሉ!

'ንሕና ንሱ' ዚብል'ወ ስእሉ ኣንጠልጢሎም
'ምልኪ ይንበር!' ክብሉ ድምጾም ዓው ኣቢሎም
ኣብ ኣፍደገ ፍትሒ ደው ኢሎም ውዒሎም!

ድሕሪ'ዚ ድማየን እተን ኣደታትና
ባዕለን እተበገሳ ንፈጣሪ ክልምና፡
ንልባዊ ጸሎተን ኣብ ምድሪ ብምንብርካኽ
ክብሪ ሂባቶ ኣላ እታ ወላዲት ኣምላኽ!

**ኤርትራና ክሓልፈላ፡ ስርዓት ምልኪ ንእለየላ!**
**ካብ ሓውኹም መሲናስ 12-08-2015**